# ተደጋጋሚ ሕቶታት (FAQ):-እቶም ቤት ፍርዲ ዝሰረዞም ኣርባዕተ ፖሊሲታት ናይ ዜግነትን ኢሚግሬሽን ኣሜሪካን  እንታይ እዮም?

*እዚ ሓበሬታ ካብ **06/11/2026** ጀሚሩ ተግባራዊ ኮይኑ ግን ከአ ክቕየር ይኽእል እዩ– ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ተመሊስኩም ርኣዩ፡-*

***እዚ ሓበሬታ ጥራይ እዩ ከም ናይ ሕጊ ምኽሪ ድማ ክቑጸር የብሉን።***

## ኣገደስቲ ሓድሽ ሓበሬታታት:- ውሳነ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ናይ ዜግነትን ኢሚግሬሽን ኣሜሪካን/USCIS ፖሊሲታት

ብሰነ 5፣ 2026  ዓ/ም ሐደ ፌደራላዊ ዳኛ ብዛዕባ ኣርባዕተ ፖሊሲታት USCIS ውሳነ ሂቡ፣ እዚኦም ውሳነታት እዚኦም ከኣ ንሓተትቲ ዑቕባን ካብ 39 ሃገራት ዝመጹ ሰባትን ኣሜሪካ “ልዑል ሓደጋ” ኢላ ትጽውዖም ጉዳያት ናይ ኢሚግሬሽኖም ኣዝሒሉዎ፣ ደው ኣቢሉዎ ወይ ከኣ ዓጊቱዎ እዩ። ( [Dorcas International Institute of RI v. USCIS]() ርኢ ።)ክትፈልጥዎ ዘለኩም ኣብ’ዚ ኣሎ።

## እቲ ዳኛ እንታይ ዓይነት ውሳነ እዩ ሂቡ?

እቲ ዳኛ፡ USCIS ብቐንዱ ካብ 39 ሃገራት ዝመጹ ሰባት ኣብ ዜግነት ዝተመርኮሰ መስርሕ ኢሚግሬሽን ደው ዘብሉ ወይ ዘዝሕሉ ኣርባዕተ ፖሊሲታት ብምፍጣር **ሕጋዊ  ዘይኮነ ነገር ምግባሩ** ብምግላጽ፡ USCIS ነዞም ኣርባዕተ ፖሊሲታት ምትግባር **ደው ክብሎ** ኣዚዙ እዩ።

እተን 39 ሃገራት፡ ኣፍጋኒስታን፡ ኣንጎላ፡ ኣንቲጉዋን ባርቡዳን፡ ቤኒን፡ ቡርኪናፋሶ፡ በርማ፡ ብሩንዲ፡ ቻድ፡ ኮትዲቫር፡ ኩባ፡ ዶሚኒካ፡ ኢኳቶርያል ጊኒ፡ ኤርትራ፡ ጋቦን፡ ሃይቲ፡ ኢራን፡ ላኦስ፡ ሊብያ፡ ማላዊ፡ ማሊ፡ ሞሪታንያ፡ ኒጀር፡ ናይጀርያ፡ ሪፓብሊክ ኮንጎ (ብራዛቪል)፡ ሰኔጋል፡ ሴራሊዮን፡ ሶማልያ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳን፡ ሶርያ፡ ታንዛንያ፡ ጋምብያ፡ ቶጎ፡ ቶንጋ፡ ቱርክመኒስታን፡ ቬንዙዌላ፡ የመን፡ ዛምብያ፡ ዚምባብዌ፡ ከምኡ’ውን ብሰነዳት በዓል መዚ ፍልስጤም ዝጓዓዙ ውልቀሰባት እዮም።

## ድሕሪ እቲ ናይ ፖሊሲ ምስራዝ USCIS እንታይ ክገብር እዩ ተኣዚዙ ዘሎ?

USCIS ከምዚ ክብል ተኣዚዙ፤

- ንኹሎም ዜጋታት ናይ ሕቶታት ዑቕባን ምእላይ **ዳግማይ መስርሕ ምጅማር**።
- ካብተን 39 ሃገራት ዝመጹ ሰባት ኣብ ዝቐርብ **ጠጠው ኢሉ ዝነበር** ናይ ኢሚግሬሽን መመልከቲታት ክልዓል:: USCIS  ንመመልከቲታት ምስራሕን ምሃብ ናይ ኢሚግሬሽን ሓገዛትን ዳግማይ ክጅምር ኣለዎ፣ እዚ ድማ ቀዋሚ መንበሪ ፍቃድ/ ግሪን ካርድ፣ ፍቓድ ስራሕ፣ ሰነዳት ጉዕዞን ዜግነትን ንዜጋታት እተን 39 ዕላማ ዝገበራ ሃገራት ሓዊሱ እዩ።
- ካብተን 39 ሃገራት ብ20 ጥሪ 2021 ወይ ድሕሪኡ ናብ ኣሜሪካ ዝኣተዉ ሰባት ቅድሚ ሕጂ ዝተወሰኑን ዝጸደቑን ጉዳያት ብዜግነቶም ጥራይ ዳግማይ **ምኽፋትን ምግምጋምን** ደው ከብል።
- *መመልከቲታት ክውስን ከሎ* **ካብ ዝተመደበት ሃገር ዝመጽእ ዜግነት ከም ኣሉታዊ ረቛሒ ምጥቃም ደው ከብል**::

## እንታይ ዘይተቀየር ነገር ኣሎ ?

እዚ ቤት ፍርዲ’ዚ ዝሃቦ ውሳነ ነዞም ዝስዕቡ ***ነገራት ኣይቀየረን*** ፤

- ንዜጋታት 39 “ልዑል ሓደጋ ዘለወን” ሃገራትን ዜጋታት 75 “ህዝባዊ ክፍሊት” ዝኾና ሃገራትን ናብ ኣሜሪካ ንኽገሹ ቪዛ ኣብ ምሃብ ዝነበረ እገዳ መገሻታት ክቋረጽ ውሳነ ኣይሀበን።
- ***መስርሕ ምትዕርራይ ኩነታት ስደተኛታት (ግሪን ካርድ) መመልከቲታት*** ዳግማይ ምጅማር።
- ኣብዚ እዋን’ዚ ንጸዓዱ  ደቡብ ኣፍሪቃውያን ጥራይ ዳግማይ ዝሰፍር ዘሎ ***መደብ ምጥያስ ስደተኛታት ዳግማይ ምጅማር***።
- ዝኾነ ***ካልእ ፖሊሲታት USCIS ወይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ*** ምቕያር።

## ቀጺሉ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?

USCIS ነቲ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ይግባይ ኢሉ’ኳ እንተኮነ፡ እቲ ይግባይ ክሳብ ውሳነ ዝረክብ ግን ነቲ ትእዛዝ ክኽተሎ ም኿ኑ ገሊጹ። እዚ ማለት USCIS፤

- ኣብ ግሪን ካርድ፣ ፍቓድ ስራሕ፣ ሰነዳት ጉዕዞ፣ ናቹራላይዜሽንን ካልኦት ቅድሚ ሕጂ ደው ዝበሉ መመልከቲታትን ውሳነታት ምሃብ ክጅምር እዩ።
- ዝተሰረዙ ናይ ናቹራላይዜሽን ማሕላ ስነስርዓት ዳግማይ መደብ ምጅማር።
- ብሰንኪ ዜግነት ሓደ ሰብ ጥራይ ዳግማይ ዝተኸፍቱ ዝጸደቑ ጉዳያት ዳግማይ ምርግጋጽ።
- ዜግነት ሐደ ስብ ምኽንያት ብምግባር ጥቕምታት ስራሕ ፍቓድ ወሲኩ ምኽልካል ከቋርጽ።

## ካሊእ ነገር እንታይ ኽፍጠር ይክእል?

USCIS ንይግባይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ደው ከብሎ ክሓትት ይኽእል’ዩ። እቲ ይግባይ ዝሰምዕ ቤት ፍርዲ፤

- ትእዛዝ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ከጽንኦ፣ ወይ
- ነቲ ትእዛዝ ደው ከብሎ ይክእል እዩ ፣ እዚ ድማ USCIS ክሳብ እቲ ይግባይ ዝውዳእ **ነቶም ኣርባዕተ ብድሆ ዝኾኑ ፖሊሲታት** ክቕጽሎ ዘኽእሎ እዩ።

**ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ጉዳየይ ሕቶ ኣለኒ።ንመን ክሓትት ይክእል?**

እዞም ለውጥታት ንዓኻ ይምልከቱ እዮም ኢልካ እንተኣሚንካ ወይ ብዛዕባ ኣማራጺታትካ ሕቶታት እንተሃልዩካ፡ ምስ ብቑዕ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክትራኸብ ኣለካ። ከመይ ጌርካ ሕጋዊ ኣገልግሎትን ምኽርን ከም ትረክብ ኣብ ታሕቲ ርአ።

| | | |
|---|---|---|
| Immigration Advocates Network | American Immigration Lawyers Association | ASAP list of private attorneys |